መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እግዚኣብሄር ን ናይ ኣብርሃም ፍቅሪ ከም ዝመርመሮ



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes
ገላጺ ፦ Byron Unger; Lazarus
Alastair P.
ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Tammy S.
ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ
ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ሓደ ለይቲ እግዚኣብሄር
ንኣብርሃም ኣዚዩ ከቢድ
ትእዛዝ ኣዘዞ። ንሱ ድማ
ኣብርሃም ንይስሓቅ ዲዩ
ወይስ ንእግዚኣብሄር ኢዩ ዚያዳ
ዘፍቅር ንምምርማር
እዩ።

"ንወዲኻ ይሳሕቅ ዉሰዶ እሞ ኣብ መሰውኢ ድማ ሰዉኣለይ" በሎ። ንይስሓቅ ምሕራድ?
ንወዱ ምስዋእን
ኣብርሃም ኣዚዩ ከቢድ
እዩ። ምክንያቱ ንሱ
ንወዱ ኣዚዩ ኢዩ
ዘፍቅሮ ።



ኣብርሃም ግና ንእግዚኣብሄር ንምንታይ እኮ
ተዘይፈለጠ፡ ክእዘዝ ከም ዘለዎ
ግና ተማሂሩ ኔሩ ኢዩ። ምስ ወግሐ
ድማ ን ይስሓቅ ንክልተ ግዙኣቱ
ሒዝዎም ናብ ከረን
መሰዉኢ ከዱ።



ቅድሚ ካብ ቤት ምውጹ
ድማ  ንመሰዉኢ ዝኸዉን
ዕንጨይቲ ተማሊኡ ነበረ ፡፡
ኣብርሃም ን እግዚኣብሄር
ክእዘዝ መዲቡ ኢዩ ኔሩ።





ድሕሩ ሰለስተ መዓልቲ ናብቲ
ከረን ቀረቡ። ነቶም ክልተ ግዙኣት
ኣብርሃም ድማ ኣብዚ ታሕቲ ጽንሑ በሎም። ኬድና
መስዋእቲ ከነዕርግ ኢና ብድሕሪኡ
ድማ ኪንምለስ ኢና በሎም።

ይስሓቅ ነቲ ዕንጸይቲ ፡
ኣብርሃም ድማ ሓዊን
ካራን ተሰኪሞም
ደየቡ።

"እቲ ንመስዋኢ ዝኸውን በጊዕ ድኣ ኣበይ ኣሎ" ሓተተ ይስሓቅ። "እግዚኣብሄር በጊዕ ከዳልወልና ኢዩ" ኢሉ መለሰሉ ኣብርሃም።



ክልቲኦም ድማ ናብቲ እግዚኣብሄር
ዘዳለወሎም ቦታ በጽሑ። ኣብኡ ድማ
ኣብርሃም ነቲ መሰውኢ ዝከውን
እምኒ ሰርዖ። ኣብርሃም ብዙሕ ኣእማን
ሰርዕ። ኢዚኣ ካብ ኩሉ ግዜ ዝሰርሖ
ዝከበደት ከም ዝነበረት ፍሉጥ
እዩ።



ኣብርሃም ድማ ንይስሓቅ ኣሰሮ እሞ ኣብቲ
መሰዊኢ ድማ ሰቀሎ። ግን ኣብርሃም ናይ
ብሓቂ ዲዩ ናይ እግዚኣብሄር ትእዛዝ ተኣዚዙ
ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ክሰውኣ?





እወ! እቲ ካራ ናብ ላዕሊ ገጹ
ሓፍ ምስ ኣበሎ ኣንጸባረቀ።
ኣብርሃም ብልቡ ኣዚዩ
ተሰሚዕዎ ኔሩ ይኸዉን ፡ ግን
ንእግዚኣብሄር  ክእዘዝ ከም
ዘለዎ ግና ይፈሊጥ ኔሩ እዩ።



ደው ኣብሎ!
መለኣኽ
እግዚኣብሄር
ብዓቢ ድምጺ
ተዛረበ።



"ሕጂ ንእግዚኣብሄር ከም ትፈርሕ ፈሊጠ ኣለኹ። ንዓይ ነቲ ሓደ ወዲኻ ዉን ተኾነ ከምዘይትበቀለይ ፈሊጠ ኣለኹ" በሎ።



ሓደ ድዑል ድማ  ኣብቲ ቦታ መጸ፡
ኣብርሃም ድማ ንወዱ ይስሓቅ
ሓቆፎ ነቲ ድዑል ድማ  ሰውኡ።
ምናልባት ይስሓቅ
"እግዚኣብሄር ልክዕ ከምቲ ኣቦይ
ዚሓሰቦ ሂቡና " ኢሉ
ይከዉን።

ኣቦን ወዲን እንዳኣምለኹ ከለዉ ድማ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ተዛረቦ 'ንእግዚኣብሄር ስለ ዝተኣዘዝካ ኩሎም ዘርእኻ ብኣኻ ክባረኹ እዮም'። ሓደ መዓልቲ ድማ የሱስ ካብ ዘርኢ እብርሃም ክውለድ እዩ።



ኣብርሃምን ይስሓቅን ናብ ገዛ ተመለሱ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ግን ሓደ ዘሐዝን ነገር ኣጋጠመ። ሳራ ሞተት። ኣብርሃም ሰበይቱ ፡ ይስሓቅ ድማ ኣዲኡ ሰኣኑ።



ድሕሪ እቲ ሓዘን ምዉድኡ
ድማ፡ ኣብርሃም ንግዝኡ
ንይስሓቅ ሰበይቲ ከምጽኣሉ
ለኣኾ። እቲ ግዙእ ድማ ናብ ዓሌቱ ዓዱን
ከይዱ ንይስሓቅ ሰበይቲ ክደልየሉ
ከደ።



እቲ ግዙእ ድማ ንእግዚኣብሄር ለመኖ " ኢታ ንኣግማለይ ማይ ተስቲየን ንሳ ንይስሓቅ ሰበይቲ ኪትኮኖ ኢያ በለ። ሽዑ ንሽዑ ድማ ርብቃ ነግማሉ ማይ ኣምጸኣትሉ። ንሳ ካብ ኣዝማድ ኣብርሃም ኢያ ዝነበረት። እቲ ግዙእ ድማ እግዚኣብሄር ጸሎቱ ከም ዝመለሰሉ ፈለጠ።



ርብቃ ድማ ስድራቤታ ገዲፋ ንይስሓቅ ተመርዓወቶ። ድሕሪ ሞት ኣዲኡ ድማ ይስሓቅ ብ ርብቃ ተደበሰ።



እግዚኣብሄር ን ናይ ኣብርሃም ፍቅሪ ከም ዝመርመሮ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 22-24

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

5

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3፡16